# ምኽርታት ምፍናዉ ካብ ሆስፒታል፡ ንዓኺ መጥባሕቲ ምእላይ ማህጸን ብመንገዲ መጥባሕቲ ብመርኣዩ ቀዳድ (ቲትሆል ኦፐራኾን) ኣብዚ ዓይነት መጥባሕቲ'ዚ፡ ማህደር እንቋቑሖን ሻንብቆኡን ክግደፍ ይከኣል፡ ከምኡዉን ኣፍ ማህጸን ሓደ ሓደ ግዜ

*ብንእሽቶ ቀዳድ ብምእታዉ (laparoskopi)መጥባሕቲ ተኻይዱልኪ ኣሎ።*

*ፈትሊ*

☐ ብናይ ከባቢኺ ነርስ ኣብ ዉሽጢ 5 – 6 መዓልታት ዝእለ ፈትሊ ተሰፊኺ ኣለኺ።

☐ ኣብ ዉሽጢ ገለ ሰሙናት ባዕሉ ብዝሓቅቕ ፈትሊ ተሰፊኺ ኣለኺ። ክሰብ ሽዑ ግን፡ እቲ መወዳእታታት ናይ ፈትሊ የጸግመኪ እንተድኣ ኮይኑ፡ ድሕሪ ሓደ ሰሙን ነቲ ጫፉት ፈትሊ ባዕሊኺ ክትኣልይዮ ትኽእሊ ኢኺ።

እቲ ሻሽ ኮነ ካልእ መሸፈኒ ቁስሊ፡ ኣብ ሻቡዓይ መዓልቲ ድሕሪ መጥባሕቲ፡ ባዕልኺ ከተልግስዮ ኢኺ።

*መድመይቲ*

ድሕሪ መጥባሕቲ፡ ቃንዛ ኣልቦ መድመይቲታት፡ ልሙዳት ተርእዮታት እዮም። ማህጸንኪ ብመጥባሕቲ ተኣልያ ኣላ፡ እንተኾነ ግን ክሳድ ማህጸንኪ ኣይተኣልየትን። ኣብቲ ቀዳማይ መዓልታት ድሕሪ መጥባሕቲ፡ ዉሑድ መድመይቲ ካብ ክሳድ ማህጸን ክመጽእ ይኽእል እዩ።

*ጾታዊ ርክብን ናይ ሓባር ናብራን*

ኩነተ ሓባር ናብራ፡ ብሰንኪ መጥባሕቲ ዘምጽኦ ለዉጥታት የለን፡ እንተኾነ ግን፡ ንጾታዊ ርክብ ክሳብ 4 -6 ሰሙን ምጽባይ ከድልየኪ እዩ።

*መግቢ*

ከምቲ ልሙድ ተመገቢ። ድርቀት ምስ ዝስምዓኪ ግን፡ ፍሩታ ካትሪን፡ እንጣጢዕን ሓሰር ንፋይ ስርናይን ተመገቢ። ብዙሕ ፈሳሲ ምስታይ ድማ ኣይትረስዒ።

*ፈኲስ ኣካላዊ ምንቅስቓስ*

ብእግሪ ዘወር ምባልን ካብ ቤት ወጻኢ ምንቅስቓስን፡ ካብታ ካብ ሆስፒታል ዝወጻእክላ መዕልቲ ክትጅምሪ ትኽእሊ ኢኺ።

*ዝያዳ ዓቕሚ ዝሓትት ኣካላዊ ምንቅስቓስ*

እግሪ ጉዕዞ፡ ሳዕስዒት፡ ጂምናስቲክን ጉያን ድሕሪ 1 ክሳብ 2 ሰሙን ድሕሪ ናይ መጥባሕቲ መዓልቲ፡ ክትገብሪ ትኽእሊ።

*ከበድቲ ሰኽማት*

ቀይድታት የብሉን።

*ምእላኽን ምሕጻብ ሰብነትን*

ኣብ ድላይኪ እዋን ነብስኺ ምሕጻብ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ባስካ ምእላኽን ኣብ ናይ ዉሽጢ ኮነ ግዳም መሓንበሲ ምሕንባስን ግን 10 ክሳብ 14 መዓልታት ከተወግዲ ኣለኪ፡ እዚ ድማ ማህጸንኪ ስለ ዝተኣልየት እዩ።

**ረስኒ፡ ብዙሕ መድመይቲ ወይ ዝያዳ ቃንዛ ምስ ዘጋጥመኪ፡ ምስ ሆስፒታል ተራኸቢ!**

መጥባሕቲ ማለት፡ ኩሉ ግዜ፡ ንኣብነት ንረኽሲ፡ መድመይቲ፡ ምዕጋት ሰራዉር ደምን ከቡዳእቲ ዉሽጣዊ ክፍሊ ኣካላትን ምቅላዕ ማለት እዩ። ስለዚ፡ ረስኒ፡ ብዙሕ መድመይቲ ወይ ዝያዳ ቃንዛ ምስ ዘጋጥመኪ፡ ኩሉ ሳዕ ምስ ሆስፒታል ክትራኸቢ ኣለኪ፡ ምኽንያቱ፡ እዚ ተርእዮታት'ዚ ምልክታታት ናይ ተዳሪቢ ሕማም ክኸዉን ይኽእል እዩ።

**ኣብ ናይ ስራሕ መዓልቲ፡ ናብ ዝስዕብ ትድዉሊ፡**
ሆስፒታል ስካራቦሪ ሕክምና ማህጸን፡ ኣማኻሪት ነርስ፡ ቁ. ስልኪ 010 473 92 20
(SkaS gynmottagning, rådgivande barnmorska, telefon)
ሰኑይ - ሓሙስ፡ ሰዓት 7.00–14.20
ዓርቢ፡ ሰዓት 7.00–11.50

**ኣብ ዝተረፉ ሰዓታት ድማ**
ሓበሬታ ክንክን ሕማም ቁ. ስልኪ 1177 ደዉሊ

ምስ ሰላምታ
ክሊኒክ ደቂ ኣንስትዮ ሆስፒታል ስካራቦሪ
Kvinnokliniken, Skaraborgs Sjukhus